### ኣብ ውሽጢ ኣፓርትማ ብዛዕባ ዚግበር ምክልኻል ባርዕ ኣመልኪቱ

# ንተቐማጠ/ተኻረይቲ ዚውሃብ ኣገዳሲ ሓበሬታ



## ኣብ ስዊድን፡ መዓልታዊ 80 ባርዕ ኣባይቲ የጋጥም።



ካብቶም ዘጋጥሙ ባርዓት፡ 20 ጥራይ ንኣገልግሎታት ህጹጽ-ኩነታት ንሓገዝ ይጽውዑ። 60 ካብቶም ባርዓት፡ ተቐማጠ ባዕሎም ከጥፍእዎም ዝኽእሉ ኣዝዮም ንኣሽቱ እዮም። ዓመታዊ ድማ 85-90 ሰባት ብምኽንያት ባርዕ ኣባይቲ ይሞቱ፣ ከባቢ 1,000 ሰባት ድማ ይቐሰሉ። እቶም ኣዝዮም ፍሉጣት ምኽንያታት ባርዕ ኣባይቲ፡ ኣብ መኽሸኒት (ኩከር) ዚተረስዐ መግቢ፣ ጸገማት ኤለትሪክን ትክን ቅሉዕ ሃልሃልታን እዮም።

## ኣብ ኩሉ ኣፓርትማ ዝርከቡ መጠንቀቕታ ባርዕ



ነፍስወከፍ ኣፓርትማ፡ እንተወሓደ ሓንቲ መጠንቀቕታ ባርዕ ክህልዋ ኣለዎ። እዚ ድማ ባርዕ ኣብ ዘጋጠመሉ ግዜ፡ ብዚተኻእለ መጠን ኣብ ዚቐልጠፈ ግዜ ንኽትፈልጡ ዚገብር ኣገዳሲ ነገር እዩ። ዋና ኣፓርትማ፡ መጠንቀቕታ ባርዕ ንኽተክል ሓላፍነት ኣለዎ። ተቐማጢ ድማ ባተርያ ንኽቕይር ሓላፍነት ኣለዎ። ከም ልሙድ፡ 5-10 ዓመታት ዚጸንሕ ባተርያ ዘለዎ መጠንቀቕታ ባርዕ ባዕልኹም ክትገዝኡ ክትክእሉ ኣለኩም። ካብ ሓንቲ ንላዕሊ መጠንቀቕታ ባርዕ ክህሉ ድማ ጽቡቕ ሓሳብ እዩ። ኣብ ኩሉ መጠንቀቕታ ባርዕ ክርከብ ዚኽእል ንመፈተኒ ዘገልግል መጠወቒ ብምጽቃጥ፡ እቲ መጠንቀቕታ ባርዕ ይሰርሕ ምህላዉ ብቐጻሊ ኣረጋግጹ።

## መጥፍኢ ሓዊ




ኣገልግሎታት ህጹጽ-ኩነታት፡ ኣብ ነፍስወከፍ ኣፓርትማ ናይ ሓርጭ (ፓውደር) መጥፍኢ ሓዊ ንኽህሉ ይምዕዱ። ሓዊ ዘየሐልፍ ኮቦርታ ኣብ ገዛ ክህሉ ድማ ጽቡቕ ሓሳብ እዩ። እዚ ኮቦርታ'ዚ፡ ባርዕ ንምህዳእ ከገልግል ይኽእል። እዚ መሳርሒ'ዚ፡ ካብ ዓበይቲ ድኳናት ሸቐጥ፣ ኣቑሑ ህንጻ ወይ ካብ ኩባንያ መድሕን ክግዛእ ይኽእል እዩ።

## ንትኪ ኣጥፍኡ — ንሓዊ ዕበጥዎ




ኣብ ዘለኽምዎ ኣፓርትማ ባርዕ ምስዘጋጥም፥ ኣብ ኣፓርትማ ንዚርከብ ኩሉ ሰብ ኣጠንቅቑ፣ ኣብ ሓደጋ ከይወደቕኩም ከተጥፍእዎ ፈትኑ። ነቲ ባርዕ ባዕልኹም ከተጥፍእዎ እንተዘይክኢልኩም፡ ንማዕጾ ናይታ ባርዕ ኣጋጢምዋ ዘሎ ክፍሊ ዕጸውዎ። ነቲ ኣፓርትማ ሓዲግኩም ብምውጻእ፡ ባርዕ ንምክልኻልን መርዛም ትኪ ድማ ንኸይስፋሕፋሕን ንማዕጾ ኣፓርትማ ዕጸውዎ። ትኪ፡ ሓደገኛ'ዩ፣ ኣብ ኣዝዩ ቅልጡፍ ግዜ ድማ ይቐትል። ናብ 112 ደውሉ። ኣብ ወጻኢ ቦታ ናይቲ ገዛ ብምኻን ድማ ንሰራሕተኛታት ህጹጽ-ኩነታት ርኸብዎም።.

## ትኪ ኣብ ዘለዎ መሳልል (ኣስካላ) ብፍጹም ኣይትኺዱ

ኣብ ካልእ ኣፓርትማ ወይ ኣብ ገለ ቦታ ናይቲ ህንጻ ባርዕ ምስ ዘጋጥም፡ ኣብቲ እትቕመጥዎ ኣፓርትማ ኩኑ። ትኪ ኣብ ዘለዎ መሳልል (ኣስካላ) ብፍጹም ኣይትኺዱ ኣብቲ እትቕመጥዎ ዘለኹም ኣፓርትማ ውሑሳት ኢኹም። ንኹሉ ማዕጾታትን መስኮታትን ዕጸውዎ። ናብ 112 ደውሉ። ኣገልግሎታት ህጹጽ-ኩነታት፡ ንዓኹም ዚሕግዝ ፍሉይ መሳርሒ ኣለዎም። ማዕጾ ኣፓርትማ፣ መናድቕ፣ ናሕስን መስኮታትን፡ ካብ 30-60 ደቓይቕ ንባርዕ ክጻወሩ ይኽእሉ እዮም።

SOS 112
*Rädda liv. Rädda egendom.*

ኣብቲ ዘለኽምዎ ኣፓርትማ ባርዕ ምስዘጋጥም

**ነቲ ባርዕ ዕበጥዎ**
**ንኣፓርትማ ሓዲግኩም ውጹ**
**ናብ 112 ደውሉ**

---

ኣብ ካልእ ቦታ ናይቲ ገዛ ባርዕ ምስዘጋጥም፥

**ትኪ ኣብ ዘለዎ መሳልል (ኣስካላ) ብፍጹም ኣይትኺዱ**

FRIS
Föreningen Räddningskårer i Samverkan
www.foreningenfris.se

TIGRINJA
ትሕዝቶ ናይዚ መርበብ-ሓበሬታ'ዚ፡ ምስ Informationsbolaget ብምትሕብባር ብFRIS ዚፈረየ እዩ።
© Copyright 2009 INFORMATIONSBOLAGET